# መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ከመይ ብትኽክል ንጥቀም

ናይቲ ቫይረስን ባክተርያን ናብ ባዕልኻ ወይ ናብ ካልኦት ንኸይስፋሕፋሕ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ብትኽክል ክትጥቀም ኣለካ፡፡

1. ቅድሚ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምጥላቕካ ኢድካ ተሓፀብ ወይ ናይ ኢድ ሳኒታይዘር ተጠቐም፡፡
2. ናይ ቅድሚት ገፅ ናይቲ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ኣየንኡ ምኳኑ ፍለ፡፡ ኣብ ድሕሪ ሓደ ግዘ ምጥቃም ዝድርበ ዓይነት መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን መብዛሕትኡ ግዘ እቲ ሕብራዊ ገፅ እዩ
3. መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን እቲ ተመጣጢ ናብ እዝኒ ዝኣቱ ጫፋት ብምሓዝ ኣጥልቕ፡፡ ናብ ገፅካ ጥብቕ ምባሉን ንክልቲኦም ኣፍካን ኣፍንጫኻን ምሽፋኑ ኣረጋግፅ
4. ኣብ እትጥቀመሉ ግዘ ንቲ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ኣይትሓዞ፡፡ ብዙሕ ግዘ እንድሕር ረሲሑ ወይ ርሒሱ ቀይሮ ኩሉሻዕ ሓዱሽ ተጠቐም
5. ንቲ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ንተመጣጢ ናብ እዝኒ ዝኣቱ ጫፋት ብምሓዝ ኣውጽኦ፡፡ ናይ ጨርቂ ዝኾኑ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ተጠቐም፡፡ ከምኡ ውን ብ 60 ዲግሪ ሕፀቦም፡፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ሓደ ግዘ ጥራሕ ምስተጠቐምካ ወይ ሕፀቦ ወይ ኸው ንኸው ኣወግዶ
6. ድሕሪ ምጥቃምካ ኢድካ ተሓፀብ ወይ ናይ ኢድ ሳኒታይዘር ተጠቐም፡፡

## እንታይ ዓይነት መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክጥቀም ኣለኒ?

ዓይነት I ዘበለ ዓይነት መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ንባዕልኻን ንኻልኦትን ይከላኸል፡፡ ብኖቭል ኮሮና ቫይረስ እንተተጠቂዕኻ ወይ ንኸይትጥቃዕ ስግኣት እንተሃሊዩካ፣ ኣብ ዝለዓለ ስግኣት ስለዘለኻ ወይ ናብ ዝለዓለ ስግኣት ዘለዎ ሰብ ትኸይድ ስለ ዘለኻ ናይ ፋብሪካ ስራሕ ዝኾነ CE ምልክት ዘለዎ ሓደ ግዘ ተጠቒምካ ዝድርበ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ተጠቐም፡፡

ኣብ ካሊእ ኩነታት ፅቡቕ ናይ ጨርቂ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ኣብ ክንዲ ናይቲ ዝድርበ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ፡፡

SUNDHEDSSTYRELSEN

corona | covid-19

02.09.2020

# ጥቕሚ ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ

## ህዝቢ ኣብ ዝእከበሎም ቦታታት

# ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ኩነታት ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ተጠቐም፡፡



ብኖቨል ኮሮና ቫይረስ እንተተጠቒዕኻ ወይ ናይ ምጥቃዕ ሓደጋ እንተሃሊዩካ እሞ ካብ ገዛ ክትወፅእ እንተተገዲድካ ንኣብነት፡ ክትምርመር ብምድላይካ ምክንያት



ብናይ ህዝቢ መጓዓዝያ እናተጉዓዝካ እንተኾይንካ



ብኽቢድ ሕማም COVID-19 ኣብ ዝለዓለ ስግኣት እንተሃሊኻ እሞ ንስኻ ወይ ካልኦት 2-ሚትሮ ርሕቐት ክትሕልዉ ኣብዘይትኽእሉሉ ኩነታት እንተኾይንኩም ንኣብነት፡ ኣብ ዕዳጋ፣ ፓርቲ ወይ ኣብ ናይ ባሕላዊ ስነስርዓታት



ኣብዝለዓለ ስግኣት ንዘሎ ምሳኻ ዘይነብር ሰብ እንድሕር ጠይቕካ፣ ንኣብነት ኣብ ሕክምና ማእኸል እሞ እቲ ሰብ ምሕብሓብን ክትትልን ዘድልዮ እንተደኣኮይኑ እሞ እንተነኣሰ 2 ሚትሮ ርሕቐት ክትሕሉ እንተዘይኪኢልካ ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ተጠቐም



ኣብ ብዙሕ እኩብ ሰብ፣ ንኣብነት፡ ሰላማዊ ሰልፍታት ወይ ምርኣታት ርሕቐትካ ንምሕላው ኣፀጋሚ ኣብ ዝኾነሉ ግዘ

ኣብ ዘድልየሉ ቦታ ንኽትጥቀም ኩሉሻዕ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ሓዝ፡፡
ኩሉሻዕ ንዞም መምርሒታት ተኸተሎም፡ እንድሕር ሓሚምካ ኣብ ገዛ ፅኖሕ፣ ምስ ካልኦት 1 ወይ 2 ሚትሮ ርሕቐትካ ሓሉ፣ ግቡእ ፅሬትካ ሓሉ ዋላ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ይሃልኻ።

# ኣብ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክጥቀሙ ዘይግደዱ እንመን እዮም?

ብሓፈሻ፣ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክጥቀሙ ዝግደዱ ሰባት ነቲ ማስክ ክለብስዎን ከውጽእዎን ዝኽእሉ ከምኡ ውን ንገዮም ጥብቕ ክብል ዝኽእል ሰባት እዮም፡፡

ኣብ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ እዞም ዝስዕቡ ሰባት መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክጥ ቀሙ ኣይግደዱን፡፡

- ትሕቲ 12 ዓመት ዝኾኑ ህፃናት
- ናይ ምትንፋስ ፀገም ዘለዎም ሰባት፣ ኣካላዊ ወይ ናይ ኣእምሮ ጉድኣት ዘለዎም ኮይኖም ባዕሎም ንቲ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ከውልቑ ዘይኽእሉ ሰባት
- መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምጥቃም ክብድ ዝበለ ምቾት ዝኸልኦም ሰባት

ሐደ-ሓደ ሰባት ንምንታይ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ከምዘይጥቀሙ ግቡእ ምኽንያት ክህልዎም ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ምኽንያት ግን ኩሉ ግዘ ዝረአ ኣይኸውንን፡፡

እቲ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክወልቕ ይኽእል እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ክትበልዕ እንከለኻ፣ ክትሰቲ እንከለኻ፣ ምስ ናይ ከንፈር ምንቅስቓስ እናረኣዩ ዝሰምዑ ሰባት ክትዛረብ እንከለኻ፣ ከምኡ ውን ንንኣብነት ፖሊስ ናይ ሰባት መንነት ከለሊ ኣብ ዝደልየሉ እዋን።

ብተወሳኺ ኣብዙይ ኣቲኻ ኣንብብ www.sst.dk/en/English/Corona-eng/Face-masks ወይ ናብ ዳኒሽ መንግስቲ ሆትላይን በዚ ስልኪ 70 20 02 33 ደውል